ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ሆስፒታል ደቂሶም ንዝሕከሙ ሕሙማት ግልጋሎት ዝውዕሉ ምግቢ ፣ እክሊ/ጣፍ/፣ ኣትክልትን ፍራምረን /ኣስቤዛ/፣ ሽቀጣ ሽቀጥን እንቋቁሖን ብግልፂ ጨረታ ኣብ 2012 በጀት 1ይ ፍርቂ ዓመት አወዳዲሩ ውዕሊ ኣሲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ዝምልከተኩም መቅረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሰነ 27, 2011 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 9, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝኽፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 9, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድን ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቅርብ፤

2 ናይ ሽቀጠ ሽቀጥ ዝምልከት ዝወዳደሩ ጥራሕ ቫት ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምዃኖም መረዳእታ ዘቅርቡን፤

4 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቅርብ፤

5 ንመንግስቲ ካብ ዊዝሆልዲንግ ንምክፋል ዝተገለፀ ብርን ንላዕልን እንተቅርብ 2% Withholding tax ክቆርፅ ዝክእል፤

6 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 25/10/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 09/11/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ይከውን።

7 እቲ ጨረታ ዕለት 09/11/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

8 ተጫረቲ ናይ ኣስቤዛ ዝምልከት ናይ ኣትክልትን ፍራምረን፣ ሽቀጣ ሽቀጥ ዝምልከት ናይ ሽቀጣሽቀጥ፣ ስጋ ዝምልከት ናይ ስጋ፣ እንቋቁሖ ዝምልከት ናይ እንቋቁሖ ጣፍ ዝምልከት ናይ እክሊ ንግዲ ፍቃድን ከቅርብ ዝክእል፤

9 ሰነድ ጨረታ ካብ ደ /ከ/ ስ/ ዕደ/ ፋይ /ንብ /ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 01 ብር 30 ከፊሎም ምውሳድ ይክእሉ ።

10 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ኣቅሓ ጀነሬተር ዉዕሊ ብምእሳር 10% ናይቲ ጠቅላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።

11 ኣስቤዛ ስጋን ዝሰዓሩ በቲ ዝሰዓርዎ ዋጋ መሰረት ብናይ ሆፒታልና ትእዛዝ /በዝሒ/ መሰረት ክሳብ ታሕሳስ 30/2012 ዓ/ም ኩሉ ግዜ ንስጋ ሶኒን ሓሙስን ንኣስቤዛን እንቃቁሖን ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ / ሓሙስ/ በቢሰሙን ከቅርብ ዝክእል፤

© መሰሉ ብህገ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ጨረታ ዘሸነፈ በቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ተቀሚጡ ዘሎ በዝሒ መሰረት ኣብ ዘድልየሉ ብናይ ሆስፒታልና ትእዛዝ ክሳብ ታሕሳስ 30/2012 ዓ/ም በቲ ዝሰዓሮ /ዘሸነፎ/ ዋጋ ከቅርብ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል፤

13 ተጫረትቲ ንዝስዓርዎ ዓይነት ኩሉ ብናይ ባዕሎም መራገፍን መፅዓንን ከምኡውን ትራስፖርት ናብ ቤት ፅሕፈትና ሰቶር ክፍሊ ከቅርቡ ዝክእሉ ምኻኖም፤

14 ተጫረትቲ ንጨረታ መከበሪ ነንሕድሕዱ ዘርፊ ንግዲ ብር 3000.00 ሽሕ ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል፤

15 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle